# ደው ምባልን ምግምጋምን መመልከቲ ሓገዛት ኢሚግሬሽን ንስደተኛታት፡ ዑቕባውያን ኣመልከቲ ዑቕባን ዜጋታት ሃገራት እገዳ ጉዕዞ ዝተገብረለን

*እዚ መምርሒ እዚ ካብ 5 ጥሪ 2026 ጀሚሩ ተግባራዊ ኮይኑ፤ ክቕየር ይኽእል እዩ።*

## እንታይ ይኸውን ኣሎ?

- ኣብ ሰነ 2025 ፕረዚደንት ትራምፕ ንሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ሓደጋ ከስዕቡ  ይኽእሉ እዮም ብምባል ዜጋታት 19 ሃገራት ናብ ኣመሪካ ንምእታው ቪዛ ከይረኽቡ ኣዚዙ። ኣብ ታሕሳስ 2025 ድማ ዝርዝር ናይ እተን **እገዳ ዝተገብረለን ሃገራት** ድምር ናብ **40 ሃገራት** ኣስፊሕዎ
- ኣብ ጥቅምቲ 2025, ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) እዚ ዝስዕብ **(https://immpolicytracking.org/policies/uscis-orders-review-of-all-refugees-admitted-under-biden-administration/#/tab-policy-documents)** ኣብ መንጎ  20 ጥሪ 2021ን . 20 ለካቲት 2025ን **ብኹሎ ስደተኛ ዝቐረቡ ናይ ደረጃ** (**ኩነታት**) **ምትዕርራይ** (**ግሪን ካርድ**) **መመልከቲታት ፍርዲ** ደው ክብል ኣዚዙ። ኣብቲ ናይ ግዜ ገደብ ዝኣተዉ **ኩሎም ስደተኛታት ክግምገሙን ክግበር ዝኽእል ዳግማይ ቃለ መሕትት ክግበረሎምን**  ኣዚዙ።
- ኣብ 2 ታሕሳስ 2025, ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) እዚ ዝስዕብ ኣዊጁ፤ (**https://www.uscis.gov/sites/default/files/document/policy-alerts/PM-602-0192-PendingApplicationsHighRiskCountries-20251202.pdf**)
  - ➔ **ንኹሎም ዜጋታት ናይ ዑቕባ መመልከቲታት ደው ክብሉ;**
  - ➔ **ኩሉ ናይ ኢሚግሬሽን ጥቕምታት** መመልከቲታት ናይ  **ተወለድቲ ናይ'ተን ቀዳሞት እገዳ መገሻ ዝተገብረለን 19 ሃገራት** ደው ምባል፤ እዚ ድማ ንመመልከቲታት ዜግነት (ናቹራላይዜሽን)፥ ምትዕርራይ ኩነታት (ግሪን ካርድ)፥ ፍቓድ ስራሕ፥ ሰነዳት ጉዕዞ፥ ናይ ስድራቤት ጥርዓናት (ቅጥዕታት I-130 ን I-730) ውሑዳት ፍሉያት ዝለውዎ ካልእ ጥቕምታትን ሓዊሱን
  - ➔ ንዜጋታት እገዳ መገሻ ዝተገብረለን ሃገራት **ቅድሚ ሕጂ  ዝጸደቑ ናይ ጥቕምታት መመልከቲታት ዳግማይ ክግምገም።**
- ኣብ 1 ጥሪ 2026, ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ነቲ ናይ መመልከቲታት ምቁራጽ ኣስፊሕዎ (https://www.uscis.gov/sites/default/files/document/policy-alerts/PM-602-0194-PendingApplicationsAdditionalHighRiskCountries-20260101.pdf) ከምኡ'ውን ንዜጋታት እተን **ተወሳኺ እገዳ መገሻ ዝተገብረለን ሃገራት** ዝወሃብ ጥቕምታት ዳግማይ ምግምጋም ክግበር።

## እንታይ ማለት እዩ?

- ብሰንኪ እዞም ፖሊሲታት እዚኦም ዝተጎድኡ ውልቀሰባት ኣብ መመልከቲታት ናይ ኢምግሬሽን ጥቕሚታቶም **ዝተወሰነ እዋን ናይ ፍርዲ ምድንጓይ** ክጽበዩ ይግባእ።
- ገለ መመልከቲታት ዩ ኤስ ሲ ኣይ ኤስ (USCIS) ዜግነት ናይቲ ኣመልካቲ ንድሕነት ሓደጋ  ምኻኑ እንተኣሚኑ  ክንጸጉ ይኽእሉ እዮም።
- እቶም ቅድሚ ሕጂ ጥቅምታት ንኽረኽቡ ጸዲቐሎም ኣብ ምጽራይ ዝርከቡ ምስ 'ቶም መመልከቲታት ዝተኣሳሰር **ቃለ መሕትት ክግበረሎምን/ወይ ድማ ብቑዕነቶም ዝሕብር ተወሳኺ መርትዖ** ክሕተቱን ትጽቢት ክገብሩ ይኽእሉ።
- ገሊኦም ጥቕምታቶም ወይ ደረጅኦም (ኩነታቶም) **ክቋረጽ ወይ ክስረዝ** ክርእዩ ይኽእሉ እዮም፤ ኣብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ድማ ንናይ ምእላይ(ምስጓግ) መስርሕ ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም፥

## ትግባረ፤  ኩሉ ዜጋታት

- መስርሕ መመልከቲ **ዑቕባ** ደው ምባል (ቃለ ምጠይቓት ገና ክካየዱ ይኽእሉ።)
- መስርሕ ናይ **ስደተኛ ምትዕርራይ ኩነታት  (ግሪን ካርድ)** መመልከቲታት ደው ምባል፤ (ቃለ መጠይቓት ገና ክካየዱ ይኽእሉ)
- ዳግማይ ግምት ናይ **ፍቓድ ደረጃ (ኩነታት) ስደተኛ**

## ትግባረ:  ዝተጸልዉ ዜጋታት

- **መስርሕ ናይ ኩሎም ናይ ጥቕምታት መመልከቲታት** ደው ምባል፤ (ብዘይካ I-90 ምትካእ ኤል ፒ ኣር (LPR) ካርድ,  N-565 ምትካእ ምስክር ወረቐት ዜግነት (ናቹራላይዜሽን ሰርቲፊኬት) N-600 መመልከቲ ን ሰርቲፊኬት ዜግነትን (ሲቲዘንሺፕ) I-765 ናይ ስራሕ ፍቓድ ንምድብ c(8), ኣብ ምጽባይ ዝርከብ ዑቕባ) ሓዊስካ.
- **ቅድሚ ሕጂ ዝጸደቑ ኩሎም ጥቕምታት** ዳግማይ ምግምጋም።

*ዝተጸልዉ ዜጋታት

| | | |
|---|---|---|
| ኣፍጋኒስታን | ጋቦን | ደቡብ ሱዳን |
| ኣንጎላ | ሄይቲ | ሱዳን |
| ኣንቲጉዋን ባረቡዳን | ኢራን | ሶርያ |
| በኒን | ላኦስ | ታንዛንያ |
| ቡርኪናፋሶ | ሊብያ | ጋምብያ |
| በርማ | ማላዊ | ቶጎ |
| ብሩንዲ | ማሊ | ቶንጋ |
| ጫድ | ማውሪራኒያ | ቱርኪሚኒስታን |
| ኮትዲቭዋር | ኒጀር | ቨነዝዌላ |
| ኩባ | ናይጀሪያ | የመን |
| ዶሞኒካ | ሪታብሊክ ኮንጎ  (ብራዛቪል) | ዛምቢያ |
| ኤኳተርያል ጊኒ | ሰኔጋል | ዚምባብዌ |
| ኤሪትራ | ሰራሊዮን | ብበዓል መዚ ፍልስጤም ብዘውጽኦ ሰነዳት ዝጓዓዙ ውልቀሰባት |
| | ሶማልያ | |

## ሕቶታት ኣለኒ። ሓገዝ ኣበይ ክረክብ እኽእል?

እዞም ፖሊሲታት እዚኦም ይጸልዉኺ ኢልካ እንተኣሚንካን ቅድሚ ሕጂ ከምኡ እንተዘይጌርካን፡ ምስ ወሃቢ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ክትመኻኸር ይግባእ። ኣብዚ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም: https://www.immigrationadvocates.org/legaldirectory/ ወይ ኣብዚ: https://ailalawyer.com/.